ERI-PLATFORM
Enlighten, Engage, Unite

ኤሪ-ፕላትፎርም
ኣብርህ፡ ኣሳትፍ፡ ኣስምር

20 ሰነ 2023

**ዘልኣለማዊ ሓበን ንጀጋኑ ሰማእታትና!**

መዓልቲ ሰማእታት 20 ሰነ 2023፡ ከም ወትሩ ዓመት-ዓመት፡ ነቶም ኤርትራ ናጻ ኲይና መታን ኪትትስእን ኪትስስንን፣ ህዝቢ ኤርትራ ሓራ ኲይኑ መታን ሰብኣዊ ክብረት፡ ፍትሕን ራህዋን ኪጐናጸፍ፣ ክቡር ህይወቶም ዘወፈዩ ጀጋኑ ሰማእታትና ብዓሚቝ ኣስተንትኖን ሓበንን እንዝክረላ ዕዝዝቲ ዕለት ኢያ።

ጀጋኑ ሰማእታትና፡ ብመስዋእቶም ልዑላዊ ናጽነት ኣረጋጊጾም፤ ግዝኣታዊ ምሉእነት ኣውሒሶም። ብቐይሕ ደሞም ዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራ ወቂጦም። ክንድ ዚኾነ፡ 20 ሰነ ኵሉ ሃገራዊ ኤርትራዊ፡ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን፡ ነቶም ምእንቲ ኤርትራን ህዝባን ዚተሰውኡ ጀጋኑ ሰማእታት ብልዑል ኣኽብሮት ዘመጒሰላ ፍልይቲ ዕለት ኢያ።

20 ሰነ 1982፡ ከም መኽተምታ ናይቲ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ (ህሰሓኤ) ዚበዝሐ መስዋእቲ ከፊሉ ዘበርዓኖ፣ ዚዓበየ፡ ዚሰፍሐን ዚነውሐን 6ይ ወራር (ዘመቻ ቀይ ኮከብ) ደርግ መጠን፡ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ፍሉይ ትእምርታዊ ሕላገት ኣለዋ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ ሒደት መዳርግቲ ዘለዉዎ ዕዉት ተጋድሎ ሃገራዊ ሓርነት ኣሰላሲሉ፣ ብመስዋእቲ ዓሰርተታት ኣሽሓት ብሉጻት ደቁ ሃገራዊ ናጽነት ጨቢጡ። ናጽነት፡ ንኤርትራ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣላቒቑ፡ ኣብ መስርዕ ናጻ ሃገራት ግቡእ ቦታኣ ኣትሒዙ።

ሃገራዊ ናጽነት ንበይኑ ግን፡ ናይ መወዳእታ ዕላማ ናይቲ ሰማእታትና ዚተሰውኡሉ ቃልሲ ኣይነበረን። ክንዮኡ፡ ሓርነት፡ ፍትሕን ራህዋን ዘስፍን መሰረታዊ ማሕበረ-ቁጠባዊ መቐይሮ ብምስልሳል ሓድሽ ደሞክራስያዊ ሕብረተሰብ ንምህናጽ ኢዩ ነይሩ። ብሓጺሩ፡ ቀንዲ ዕላማ ቃልስና፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ናጽነት ወናኒ ምሉእ ፖለቲካዊ፡ ሰብኣዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን መሰላቱ ንምዃን ኢዩ። ይኹን'ምበር፡ ብሰሪ ጥልመት፡ እቲ መስርሕ ተኾሊፉ። ምግባት ፍጹም ስልጣን ፍጹም ምልኪ ፈጢሩ፣ ሕጋዊ መግትኢ ይኹን ትካላዊ ቀይዲ ዘይብሉ መድቈስትን ዓመጽን ኣስዒቡ፣ ጃምላዊ ስደት ደሪኹ፣ ሃገር ንድሕሪት ጐቲቱ፣ ህዝቢ ኣብ ሓሳረ-መከራ ናይ ክቱር ድኽነት ሸሚሙ።

ሎሚ እቲ ምስ ምኽታም 2ይ ኲናት ዓለም ዚተተኽለ ጀኦፖለቲካዊ፡ ንግዳውን ፋይናንሳውን  ስርዓት ዓለም ኣብ መስርሕ ዘይቅልበስ ለውጢ ኣሎ። ኣብዚ ከምዚ ዓይነት ተቐያያርን በዳህን ወሳኒ መድረኽ'ዚ፡ መብዛሕትኦን ሃገራት ብቐዳምነት ዘቤታዊ ጸጋታተን ብምብርባርን ሰብኣዊ ርእሰማለን ብምህናጽን፣ ኣብ ትሕተቅርጺ፡ ንግዲ፡ ወፍሪ፡ ሓለዋ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ስነፍልጠት፡ ስነኪነት፡ ሰብኣዊ ድሕነት፡ ተሓዳሲ ጸዓት፡ ሓምላይ ቍጠባ፡ ሰማያዊ ቍጠባ፡ ወዘተ.፡ ሃገራዊ ልምዓትን ደረጃ መነባብሮ ህዝብን ዘደንፍዕ ስራሕን ምትሕግጋዝን ንምዕባይ ይጓየያ ኣለዋ።

ኤርትራና ኸ፧ ኣይግድን። እቲ ስርዓት፡ ዛጊት ውልቃዊ ዝና መላኺ ዘዐቢ፡ ንሃገር ንድሕሪት ዚጐትት፡ ንህዝቢ ዚጐድእ'ምበር፣ ንህዝብን ሃገርን ዘርብሕ፡ ዘቤታዊ ኲነ ግዳማዊ ሜላ ኣየሰላሰለን። ነቲ ሰማእታትና ዚተሰውኡሉ ብጹእ ዕላማ ሓርነት፡ ግዝኣተ ሕጊ፡ ፍትሕን ራህዋን ጠሊሙ፣ ዕምሪ ስልጣኑ ንምንዋሕ፡ ብስም ስዉኣት ይመጻደቕ። ብሰሪ'ቲ ደቛሲ፡ ዓመጻኛ ሜላዊ ተግባራቱ፡ መንእሰይ ብጃምላ ኪስደድ፣ ቍጠባ ሃገር ኪርመስ፣ ህዝቢ ብድኽነት ኪሳቐ፣ ስድራቤት ኪትበታተን፣ ሃገር፡ ብዅሉ መምዘኒታት፡ ከም ሽንቲ ገመል ንድሕሪት ኪትምለስ ጸኒሓ። ነባሪ ድሕነትን ልዑላውነትን ንምውሓስ፣ መሰረታዊ ሓርነታትን መሰላትን ህዝቢ ዘረጋግጽ፣ ሃገራዊ ቍጠባ ዘበራብር፣ ኣድለይቲ ጠለባት መነባብሮ ዘማልእ፣ ሰብኣዊ ክብሪ፡ ፍትሕን ራህዋን ዘስፍን፣ ተሓታትን ግሉጽን ቅዋማዊ ምሕደራ ምትካል የድሊ።

ሎሚ፡ 20 ሰነ 2023፡ ጀጋኑ ሰማእታትና ብኣስተንትኖ እንዝክረሉ ኣብ ዘለና ዕዙዝ ኣጋጣሚ፡ ነቲ ዚተሰውኡሉ ብጹእ ዕላማ ብምትግባር መስዋእቶም ንምድባስ ንሓልን። ደበስ ሰማእታትና ኲነ ጻማ ህዝብና ዚርከብ፡ ነቲ ኤርትራ ካብ ባዕዳዊ ግዝኣት ተገላጊላ መታን ኪትትስእን ኪትስስንን፣ ህዝቢ ኤርትራ ሓራ ኲይኑ መታን ብሰላም፡ ብክብረት፡ ብድሕነት፡ ብቕሳነት፡ ብራህዋ ኪነብር፡ ክቡር ህይወቶም ዘወፈዩሉ ዕላማ ክዉን ብምግባር ኢዩ። ማለት፡- (1) ግዝኣተ-ሕጊ ዘስፍን፣ (2) ፍትሒ ዘመሓድር፤ (3) ተግባራዊ መንግስቲ ዘዋድድን ትካላዊ ኣሰራርሓ ዚኽተልን፤ (4) ግቡእ ምምልካት ኣህጒራዊ ዶብና ብምርግጋ ነባሪ ሃገራዊ ድሕነት ዘውሕስ፤ (5) ባህርያዊ ሃብቲ፡ ሰብኣዊ ጸጋታትን ንዋታዊ ዓቕምን ሃገርና፣ እንተላይ ጸጋታት ሓይሊ ሰብና፡ ባሕርና፡ ወደባትና፡ ማዕድናትና፣ ኣብ መዓላ ሃገራዊ ልምዓትን ድንፋዕ መነባብሮ ህዝብን ዘውዕል፤ ግሉጽን ተሓታትን ቅዋማዊ መንግስቲ ንምትካል ብዘይ ምሕላል ንቃለስ።

ዕድመ ንናጻ ልዑላዊት ሃገረ ኤርትራ!
ዘልኣለማዊ ሓበን ንጀጋኑ ሰማእታትና!